# ባህርይ ክርስቶስ

ብፓትሪያርክ ሺኖዳ ሣልሳይ
ትርጉም
ዶ/ር ሽሞንዲ ኃይለ
ዋሽንግተን ዲሲ ሰሜን ኣሜሪካ
2001

## መእተዊ

ትምህርቲ ባህርያት ክርስቶስ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ትምህርቲ እዩ። ከመይሲ ኣብ መበል ሓሙሻይ ክፍለ ዘመን፡ ንቤተ ክርስቲያን ኣብ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ኩነታት ኣብጺሑዋ ዝነበረ ትምህርቲ ስለ ዝኾነ። ብ451ዓ.ም. ነቲ ዝነበረ ምፍሕፋሕ ንምህዳእ ተባሂሉ፡ ስነ መለኮታዊ ክትዓት ክግበር ምስ ተጀመረ፡ እዚ ኣርእስቲ እዚ፡ ክዝረበሉ ግዴታ ኰነ። ስለዚ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያንና፡ ንትምህርቲ ስነ መለኮታን ርእይቶኣን፡ ብኽርዳእ ዚኽእል ቋንቋ፡ ብደረጃ መጽሓፍ ጽሒፉ ናብቲ ዓውደ ክትዕ ቀረበት።

እዚ ኣርእስቲ እዚ፡ ማለት ባህርይ ክርስቶስ ብ1984 ኣብ ሸሄቲ ምድረ በዳ ዚርከብ ገዳም ቅዱስ ቢሻይ፡ ብመልክዕ ስሩዕ ትምህርቲ፡ ንተመሃሮ ዝመሃርኩዎ ትምህርቲ እዩ። ከምኡውን ነቶም ኣብ ቅዱስ ማርቆስ መንፈሳዊ ኮለጅ ዝነበሩ ተመሃሮ፡ እዚ ትምህርቲ እዚ ምሂረ ኣለኹ። ስለዚ እዚ ትምህርቲ እዚ፡ ተመሃሮ ምእንቲ ክጥቀሙሉ ተባሂሉ፡ ተሓቲሙ ቀሪቡሎም እዩ።

ልክዕ እዚ ትምህርቲ እዚ፡ ኣብ ኣተዋ ካናዳ ብ1980 ዓ.ም. ናብ ቋንቋ እንግሊዘኛ ተተርጒሙ፡ ንሽዱሽተ ዓመት ኣብ ጠቕሚ ውዒሉ እዩ።

ትሕዝቶ እዚ ትምህርቲ እዚ፡ ነቶም ብቋንቋ ዓረበኛ ስነ መለኮት (ሰሚናሪ) ዝመሃሩ ተመሃሮ፡ ክጠቕም ኢልና እኳ እንተ ኣሓተምናዮ፡ ከምኡውን ነቶም ብተገዳስነት ብዛዕባናን፡ ብዛዕባ ትምህርትናን ክፈልጡ ዝደልዩ ካልኦት ማሕበራትን ካህናትን መማህራንን ክጠቅም ኢልና ድማ ኢና ኣሕቲምናዮ።

እቲ ብሰዓብቲ ምብራቓውያን (ኦርዮንታል) ቤተ ክርስቲያናት፡ ብስነ ክርስቶስ ክንዛረብ ቀዳማይ ጉባኤና ብመስከረም 1971 ዓ.ም. ኣብ ቬና ኣውስትራልያ ነበረ። ኣብዚ ጉባኤ እዚ ዝተዘርበሎም ነገራት፡ ብፍላይ ነቶም ካቶሊካውያን ኣሕዋትና፡ ቅቡል ክኸውን ይኽእል ኢዩ ዚበልናዮ መዕቀኒ እምነት ምብራቓውያን (ኦርየንታል) ቤተ ክርስቲያናት፡ ዘውጻእናሉ ግዜ ነበረ። እዞም ኣብቲ ባይቶ እቲ ዝተኻፈሉ ቤተ ክርስቲያናት ድማ፡ ሶርያ፡ ኣርመንያ፡ ኢትዮጵያ፡ ከምኡውን ህንዲ ነበሩ። ኣብቲ ባይቶ እቲ ዚገበርናዮ ዓውደ መጽናዕቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነበረ። ከመይሲ፡ ብምኽንያት እቲ ኣብ ሓሙሻይ ዘመን ዝነበረ ዘይምርድዳእ፡ ንስራሕ

ቤተ ክርስቲያን ንዘበናት ብኸንቱ ኣባኺንዎ ስለ ዝነበረ። ሕጂ ግና ንሓባራዊ ምርድዳእ፡ መገዲ ተኸፍተ።

ስለዚ፡ በዚ ንድሕሪ 17 ዓመታት ዝጸንሐ ፍልልይ፡ (ካብ 1988) ብመሰረት እቲ ዝካየድ ዝነበረ ሓባራዊ ምርድዳኣት፡ ኣብ መወዳእታኡ፡ ኣብ ሓደ ከረዳድኣና ዝኽእል፡ ሓባራዊ መገለጺ በጻሕና። እዚ መግለጺ እዚ ድማ፡ ኣብ መወዳእታ ናይዚ መጽሓፍ እዚ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ካልእ ዓውደ ክትዕውን ነይሩ እዩ። እሱ ድማ ምስ የሕዋትና ባይዛንቲናውያን ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያናት፡ ኣብ ገዳም ቅዱስ ብሻይ ሽሔቲ ምድረ በዳ፡ ብ1989 ዓ.ም. ተገብረ። ኣብዚ ጉባኤ እዚ ድማ፡ ካብ ወከልቲ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያናት፡ ዕስራ ምሁራት ስነ መለኮት ዝተኻፈልዎ ነበረ።

ካብዚ ቀጺሉ ድማ ብካህናት ኦርቶዶክስ ዝምራሕ፡ ብ1990 ዓ.ም. ኣብ ቻምበርሲ ጀነቫ ተኻየደ። እምበኣርከስ፡ ድሕሪ እዚ ኹሉ ተግባራት፡ ብወገና ብዛዕባ ባህርይ ክርስቶስ፡ ምስ እዞም ቤተ ክርስቲያናት እዚኣቶም ዘቕረብናዮ ስነ መለኮታዊ ሞጎት፡ እንታይ ከም ዝበልና መእመናትና መእንቲ ክትፈልጡ፡ ግዴታና ኸኣ ስለ ዝኾነ፡ ሓቲምና ነቕርበልኩም ኣሎና።

ምኽንያቱ፡ እቶም ንምብራቓውያን ቤተ ክርስቲያናት ወኪልና ኣብቲ ጉባኤ ዝተሳተፍና፡ ናይ ኩላትና ገዳማትን ኣብያተ ክርስቲያናትን ካብ ኮንና፡ እቲ ኹሉ ዝተገብረ ስነ ክርስቶሳዊ ጽማቕ ዓውደ ክትዕ፡ ንወርሒ ጥቅምቲ 1991 ንማሕበራትና ክንነግር ተሳማማዕና።

ከምኡውን ኣብዚ ጉባኤ እዚ፡ ነዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከት ኣስተምህሮ ከነቕርብ ስለ ዝተሓተትና፡ እቲ ዝሃብናዮ ኣስተምህሮ፡ ንተገደስቲ ዚኾኑ፡ ኣርባዕተ መጻሕፍቲ ብቛንቃ ዓረበኛን እንግሊዘኛን ብ1984 ዓ.ም. ብደረጃ መጽሓፍ ቀሪቡ ስለ ዘሎ፡ ክትምልከትዎ ትኽእሉ ኢኹም።